ማሕበር ልምዓት ትግራይ ኣብ 5 ወረዳታት ትግራይ (እንዳ መኾኒ መስዋእቲ ከተማ ሳምረ፣ ከተማ ኣዕቢ፣ ዓድዋ ይሓ፣ ናዕዴር ማህበረ ዴጎ) ንምድላው ምጥን ምግቢ ዘገልግላ መጥሓናት (መሕን) ብልሸት ስለዝበፅሐን ዝምልከቶም ሰብ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ረቐሒታት እተማልኡ ሞያታት ኣወዳዲሩ ከፀግን ይደሊ፣፣

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ነሓሰ 14, 2017 (ቅድሚ ሓደ ዓመት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ነሓሰ 23, 2017 4:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:10.000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ነሓሰ 23, 2017 4:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሮ-መካኒክስ ኣቁሑትን ግልጋሎትን/

ን2ይ ጊዜ ዝወፀ ምልክታ ጨረታ

ማሕበር ልምዓት ትግራይ ኣብ 5 ወረዳታት ትግራይ (እንዳ መኾኒ መስዋእቲ ከተማ ሳምረ፣ ከተማ ኣዕቢ፣ ዓድዋ ይሓ፣ ናዕዴር ማህበረ ዴጎ) ንምድላው ምጥን ምግቢ ዘገልግላ መጥሓናት (መሕን) ብልሸት ስለዝበፅሐን ዝምልከቶም ሰብ ንታሕቲ ዝተዘርዘሩ ረቐሒታት እተማልኡ ሞያታት ኣወዳዲሩ ከፀግን ይደሊ፣፣ ዝለዝኾነ ድማ ካብዚ መቐረብቲ ንክትወዳደሩ ይዕድም።

1. ናይ 2017 ዓ.ም በቲ ዘርፊ ስራሕ ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎ፣

2. መለለዪ ንግዲ ፍቓድ (in Number) ምስ ንግዲ ፍቓድ ፎቶ ኮፒ፣

3. VAT ወይ TOT ተመዝጊብቲ ዝኾኑን ዝተመዝገብሉ መረዳእታ ናይ ወርሒ ሰነ 2017 ዓ.ም ዲክላራስዮን ከቕርቡ ዝኽእሉን፣

4. ጨረታ መኽበሪ ሰነድ ብስፒኦ (CPO) ብር 10,000.00 ከትሕዙ ዝኽእሉ፣

5. ካብ እስፐሲፍኬሽን ወፃኢ ስርዝ ድልዝ ኣይፍቀድን፣

6. ብልሸት ናይተን መጥሓናትን (መጣሕን) ዝጎደለን መለዋወጥን ኣብዚ ሓባሪ ዝቐረበ ኾይኑ ካብዚ ብተወሳኺ ናብተን ሳይታት ብምኻድ ምርኣይ ይከኣል እዩ።

7. ንፅገና ዘድልዩ መለዋወጢ ኣቑሑ (ናውቲ) ሙሉእ ብሙሉእ ብናይ ባዕሉ ወፃኢ፤ መጓዓዝያን ሞያዊ ጉልበትን ፀጊኑ ከረክብ ዝኽእል፣

8. አዚ ጨረታ ስዒርካ ምስ ተብሃለ ኣብ ውሽጢ 3 መዓልቲ 10% ናይ ዝመልኦ ዋጋ መኽበሪ ውዕሊ ብምቕራብን ዘየማትእ ውዕሊ ብምእሳርን እቲ ስራሕ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ኣጠናቒቑ ከረክብ ዝኽእልን ንሓደ ዓመት ውሕስና ክኣቲ ዝኽእልን።

9. እቲ ዋጋ ክምላእ ከሎ ምስ VAI IOI ምኟኑን ዘይምኟኑን ብንፁር ክቕመጥ ኣለዎ። ብንበር እንተዘይተፈሊጡ ምስ VAT/TOT ከምዝተመልአ ተሓሳቢ ይግበር።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

10. ኣብቲ ናይ ጨረታ ሰነድ ሙሉእ ሽምን ማህተምን እቲ ትካል ክጥቀስ ይግባእ፣

11. ዝርዝር ሰነድ ጨረታ ኣብ ዋና ቤት ፅሕፈት ማሕበር ልምዓት ትግራይ (ጥቓ ቤተ መንግስቲ ሃፀይ ዮሃንስ) ቢሮ ቁፅሪ 430 እዚ ምልክታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ስራሕ ሰዓት ብር 100.00 ብምኽፋል ምውሳድ ይከኣል፣
12. ማ.ል.ት ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ እዚ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፣

13. እዚ ጨረታ ዕለት 23/12/2017 ዓ.ም ሰዓት 4:00 ተዓፅዩ ኣብቲ ዕለት ሰዓት 4:30 ኣብ ቤት ፅሕፈት ማልት ይኸፈት።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle